## Canopy እንታይ ይገብር?

ንሕና ነቲ ናይቀረባ አከባቢ ንምምህያሽ ብምባል ኣብ ውሽጢ ሊድስ (Leeds) ንዝርከቡ ዝዓነው ገዛውቲ ንሕድስ ።

ንሕና ሰባት ብወለንትኦም ነተን ዝዓነዋ ገዛውቲ ኣብ ምልቕላቕን ኣብ ምጽባቕን ክሕግዙ፣ ሞያታት ከጥርዩን፣ ምስ ሰባት ተራኺቦም ከምኡ'ውን ኣካል ናይ ሓደ ጉጅለ ክኾኑ ምእታን ዕድላት ንኸፍት ኢና።

ንሕና መንበሪ ንዘይብሎም ወይ'ከኣ ገዝኦም ተገዲፎም ግዳም-ሓደር ኽኾኑ ኣብ ሓደጋ ውሽጢ ንዘለው ስድራቤታትን ከምኡ'ውን እስካቡሊታትን ዝኸውን ዝተሓደሱን ዋግኦም ርትዓዊ ዝኾነ ኣባይቲ ንሃንጽ ኢና።

ካኖፒ ኣብ ጊዜ ቀትሪ እትጥቀሙሉ ምስ ናይ ክሽነ፣ ኮምፒዩተራት፣ ቴሌፎናትን ከምኡ'ውን ናይ ጠረጴዛ ኩዕሶ እግሪ ዘማልአ ኣብ ውሽጢ ብቐሊል ዝርከብ ናይ መሳለጢያ ሀዋሕው ዝተመስረተ'ዩ።

## ካኖፒ ብኸመይ ይሰርሕ?

ካኖፒ ብቐዳምነት ጥርሑ ዝኾነን፣ ናይ ዚንጎ መአጻዊ ሃሊይዎ ኣብቲ ጎደና ንዝነብሩ ሰባት ረብሻ ንዝኾኖም ኣባይቲ ፈልዩ ይረክብ። ካብኡ ነቲ ገዛ ንኽንርከቦ ምእታን ብሓገዝ እቲ ዋናገዛ ምድላዋት ጌርና ንኹሉ ቀንዲ ስራሓት ንምፍጻም ኤሌክትሪሻናት፣ ድራውሊኮታትን ከምኡ'ውን ናይ ቤሎፎን ሰራሕቲ ነዳልው።

ካብኡ ወለንተኛታትን ተኻረይትን ዝሓቆፈ ናይ ካኖፒ ኣባላት ቤት ጽሕፈት ናውቲ መሳርሒ ብምሓዝ ናብቲ ገዛ ውሽጢ አትዮም ነቲ ስቱኮ ጌርካ ምልጋብ፣ ናይ ማቶኔላ፣ ናይ መንደቕ ምልጣፍን ምልቕላቕን ስራሓት ይሰርሑ። እቲ አብቲ ገዛ ንኽነብር ዝተሓረየ ሰብ ወይ ስድራቤት ነቲ ዝአትውዎ ገዛ ንምሕዳሱ ከም አካል ናይቲ ወለንተኛ ጉጅለ ኮይኖም ይሰርሑን ነቲ ገዝኦም መለቕለቒ ዝኸውን ቀለም ይመርጹን።

ካብ 1998 ጀሚርና ክሳብ ሕጂ ድሮ ኣብ ውሽጢ ሊድስ አብ ክልተ ቦታታት ማለት'ውን አብ ሃይድ ፓርክ (Hyde Park) ከምኡ'ውን ኣብ ቢስቶን (Beeston) ሰሪሕና'ለና ቀጺልና'ኻኣ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ውሽጢ ሃረሂልስ (Harehills) ሓደ ፕሮጀክት ክንጅምር ኢና።

## ምስ ካኖፒ መን ወለንተኛ ይኸውን?

ምስ ካኖፒ ናይቲ ከባቢ ሰባት፣ መንእሰያት፣ ኣረግቶት፣ ሰብኡትን ኣንስትን ከምኡ'ውን ዝተፈላለየ ዜግነታት ዘለዎም ሰባት ወለንታዊ ይኾኑ ኢዮም። ንሕና ብሙሉኣትና ከመይ ጌርካ ነቲ ናይ ምጽባቕን ምሕናጽን ስራሓት ከምዝሰራሕን ከመኡ'ውን ዝተፋላለየ ቋንቋ ከመይ ከምዝዝረብን ዘጠቓለሉ ዝተፋላለዩ ብዙሕ ነገራት ካብ ነንሕድሕድና ንማሃር ኢና። ናይ ኩዕሶ እግሪ ጋንታ አለና፣ ናይ መዛወሪ ጊዜታት አለና ከምኡ'ውን ናይ ጠረጴዛ ኩዕሶ እግሪ ንጻወትን ካልእ ብዙሕ ነገራት ንገብር ኢና። ብዛዕባና ዝገልጽ ፊልምን ከምኡ'ውን ንስእልታትና ንምርአይ ኣብዚ ዝስዕብ ዌብሳይት ተመልከቱ፡
**http://www.canopyhousingproject.org/gallery.html**

## ስለምንታይ ሰባት ወለንታዊ ይኾኑ?

ዝበዝሑ ወለንተኛታትና ናይ ስልጠና ኮርሳት ይቕጽሉ ወይ'ካኣ ኣብ መወዳእታ ስራሕ ይረኽቡ'ዮም። ገሊኣቶም ናይ'ቲ ንዝኾነ ሰብ ተቐቢሉ ንኻልኦት ሰባት ክሕግዙሉ ዝኽእሉሉን ነቲ ናይቲ ከባቢ ኣባይቲ እንደገና ሓድሽ ኮይኖም ምእታን ክረኣዩ ብምባል ኪሰርሑ ከለው አካል ናይ'ቲ ዕርክነት ጋንታ ኮይኖም ንዝረኽቡዎ ልምዲ ጥራይ ይሕጎሱሉ'ዮም። አስተርጓሚ እንድሕር አድልዩኩም ካኖፒ ከዳልወልኩም ይኽእል'ዩ። ምስ ካልኦት ወለንተኛታት ኮይንካ ኣብ ወፍሪ ምስራሕ ንቋንቋ እንግሊዝ ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ንኽትመሃሮን ኽትለምድን ዓቢይ እድል ዝኸውን ኢዩ።

**ክትሳተፍ ትክእል’ዶ?**

**ዝዓነው ኣባይቲ ኣብ ምሕዳስ ንምሕጋዝ ወለንተኛ ንምዃን ትደልይ ትኸውን ወይ’ከኣ ክሕግዙ ድሌት ዘለዎም ካልኦት ሰባት ትፈልጥ ትኸውን ኢኻ። ሞያ ክትመሃር፣ ስራሕ ንምድላይ ሓገዝ ክትረክብ ወይ’ካኣ ምስ ካልኦት ሰባት ክትራኸብ ትኽእል ትኸውን፣ በዚ ዝስዕብ ስልኪ ቁጽሪ ደውለልና፡** 2946868።

**መንበሪ ገዛ ትደሊ ዲኻ? ግዳም ሓደር እንተኾይንካ እሞ ብሓገዝ ጋንታ ወለንተኛታት ንሓድሽ ገዛኻ ክተጸባብቕ ትደሊ እንተ ኾይንካ ፣ እሞ ነዓኻ ዝኸውን ገለ ኣባይቲ እንተለዉ ንምፍላጥ ናብ ካኖፒ ደውል።**

**ወለንተኛ ወይ’ካኣ ተኻራያይ ክትከውን እንተድኣ ደሊኻ ናብ ካኖፒ በዚ ዝስዕብ ስልኪ ቁጽሪ ደውል፡ 0113 2946868**